# ሓፍቲ ሹሲ እንታይ በለት

Nina Orange
Wiehan de Jager
Daniel Berhane Habte
4
ትግርኛ ti

ሓደ ንግሆ ብጊሓቱ፡ ንሹሲ ዓባዩ ጸውዓቶ’ሞ፡ “ሹሲ ነዛ እንቋቑሖ እንዶ ግዳ ናብ ወለድኻ ውሰዳ። ንመርዓ ሓፍትኻ ዓቢ ቶርታ ክሰርሑ ደልዮም ኣለዉ።” በለቶ።

ናብ ወለዱ እናኸደ እንከሎ፡ ቩሲ ክልተ ኣወዳት ፍረታት ክቕንጥቡ ረኸበ። ሓደ ካብኣቶም ነታ እንቋቑሖ ካብ ቩሲ ወሲዱ ናብ ሓደ ገረብ ወርዊሩ ዘበጣ። እታ እንቋቑሖ ተሰብረት።

“እንታይ ኢኻ ዝገበርካ?” ኢሉ ቡሲ ጨደረ። “እዛ እንቋቑሖ ንመስርሒ ቶርታ እያ ኔራ። እቲ ቶርታ ድማ ንናይ ሓፍተይ መርዓ እዩ ኔሩ። ናይ መርዓ ቶርታ እንተዘየለ ሓፍተይ እንታይ ክትብል እያ?”

እቶም ኣወዳት ንቩሲ ስለዘላገጹሉ ተጣዕሱ። “ብዛዕባ’ታ ቶርታ ክንሕግዘካ ኣይንኽእልን ኢና፡ ግና እንካ’ዛ ምርኩስ ንሓፍትካ።” በለ ሓደ ካብኣቶም። ቩሲ መንገዱ ቀጸለ።

እናተጓዓዘ እንከሎ ክልተ ሰብኡት ቤት እናሃነጹ ረኸበ። “እዛ ተራር በትሪ ክንጥቀመላ’ዶ?” ክብል ሓደ ካብኣቶም ሓተተ። እታ በትሪ ግና ነቲ ህንጻ እትበቅዕ ተራር ኣይነበረትን’ሞ ተሰብረት።

“እንታይ ኢኹም ዝገበርኩም?” ኢሉ ቩሲ ጨደረ። “እዛ በትሪ ህያብ ንሓፍተይ እያ ኔራ። እቶም ቀንጠብቲ ፍረታት እዛ በትሪ ሂቦሙኒ ምኽንያቱ ነታ እንቋቑሖ ናይ ቶርታ ስለዝሰበሩለይ። እታ ቶርታ ንመርዓ ሓፍተይ እያ ኔራ። ሕጂ እንቋቑሖ የለን፡ ቶርታ የለን፡ ህያብ’ውን የለን። ሓፍተይ እንታይ ክትብል እያ?”

እቶም ሃነጽቲ ነታ በትሪ ምስባሮም ሓዘኑ። “ብዛዕባ እታ ቶርታ ክንሕግዘካ ኣይንኽእልን ኢና፡ እንተኾነ ግና እነሀልካ'ዚ ሒደት ሓሰር ንሓፍትኻ።” በለ ሓደ ካብኦም። ስለዚ ድማ ቩሲ መንገዱ ቀጸለ።

ዃሲ ኣብ መንገዱ ሓደ ሓረስታይ ምስ ላሙ ኣጋጠምዎ። “ክንደይ ይምቅር’ዝ ሓሰር፡ ቍሩብ’ዶ ክጥዕመልካ?” ሓተተት እታ ላም። እቲ ሓሰር ግና ኣዝዩ ጥዑም ነበረ’ሞ እታ ላም በሊዓ ወድኣቶ።

“እንታይ ኢኺ ዝገበርኪ?” ኢሉ ቩሲ ጨደረ። “እታ ጥማር ሓሰር ህያብ ንሓፍተይ እያ ኔራ። እቶም ሃነጽቲ እታ ጥማር ሓሰር ሂቦሙኒ ምኽንያቱ ነታ ካብ’ቶም ቀንጠብቲ ፍረታት ዝረኸብክዋ በትሪ ስለዝሰበሩለይ። እቶም ቀንጠብቲ ፍረታት እታ በትሪ ሂቦሙኒ ምኽንያቱ ነታ እንቋቑሖ ናይ ቶርታ ስለዝሰበሩለይ። እታ ቶርታ ንመርዓ ሓፍተይ እያ ኔራ። ሕጂ እንቋቑሖ የለን፡ ቶርታ የለን፡ ህያብ’ውን የለን። ሓፍተይ እንታይ ክትብል እያ?”

እታ ላም ስስዕቲ ብምንባራ ተጣዕሰት። እቲ ሓረስታይ ላሙ ህያብ ንሓፍቱ ክትከውን ምስቲ ወዲ ኽትከይድ ተሰማምዐ። ሽዑ ሹሲ ቀጸለ።

ኰይኑ ግና ብግዜ ድራር እታ ላም ሃዲማ ናብቲ ሓረስታይ ተመልሰት። ቩሲ ድማ ኣብ መንገዲ ጠፍአ። ኣብ ናይ ሓፍቱ መርዓ ድማ ደንጉዩ በጽሐ። ኣጋይሽ ድሮ ይበልዑ ነበሩ።

“እንታይ ክገብር እየ” ክብል ቩሲ ጨደረ። “እታ ዝሃደመት ላም ህያብ እያ ኔራ፡ ኣምሳያ ናይቲ እቶም ሃነጽቲ ዝሃቡኒ ጥማር ሓሰር። እቶም ሃነጽቲ እታ ጥማር ሓሰር ሂቦሙኒ ምኽንያቱ ነታ ካብ’ቶም ቀንጠብቲ ፍረታት ዝረኸብክዋ በትሪ ስለዝሰበሩለይ። እቶም ቀንጠብቲ ፍረታት እታ በትሪ ሂቦሙኒ ምኽንያቱ ነታ እንቋቑሖ ናይ ቶርታ ስለዝሰበሩለይ። እታ ቶርታ ነቲ መርዓ እያ ኔራ። ሕጂ እንቋቑሖ የለን፡ ቶርታ የለን፡ ህያብ’ውን የለን።”

ሓፍቲ ቩሲ ንቑሩብ እዋን ድሕሪ ምሕሳብ፡ ከምዚ በለት፡ “ቩሲ ሓወይ ብዛዕባ ህያባት ክሳዕ ክንድቲ ኣይግደስን እየ። ዋላ ብዛዕባ እታ ቶርታ’ውን ከበር የብለይን! ኵልና ኣብዚ ብሓንሳብ ምህላውና ተሓጒሰ ኣለኹ። ሕጂ ኪድ እቲ ዘምሕረልካ ክዳውንትኻ ልበስ’ሞ ነዛ መዓልቲ ንጸምብላ!” በለቶ። ቩሲ ድማ ከምኡ ገበረ።

# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ሓፍቲ ሹሲ እንታይ በለት


Nina Orange
Wiehan de Jager
Daniel Berhane Habte


CC BY